ዝኸበርኩም ኣባላት ሓምላይ ምንቅስቓስ ኤርትራ

ኣብ ኩሉ ጉዕዞኹም ኢድ ኣምላኽ ኣይፈለኹም እናበልኩ ሰላምታይ ኣቕርበልኩም። ብዙሕ እዋን ብናይ ውልቂ ጸገም ተፈልየ ጸኒሔ፡ ብዙሕ ሰጕምኩም ክትህልዉ በዓል ብዙሕ ተስፋ ኢየ።

መበል 18 ዓመት በዓል ናጽነት ሃገርና ኤርትራ ሰላም ራህዋ ፍትሒ ዘንግስ፡ ይኹነልና።

ርሑስ በዓል ናጽነት።

ድሕሪ ሰለስተ ሰሙን ነዚ ነጻነት እዚ ብዓይና ክንርኦ፡ ብኢድና ክንድህስሶ፡ ብልብና ክነስተማቕሮ፡ ዝገብሩ በጃ ኮይኖም መስዋዕቲ ኮይኖም ናጽነት ዘምጽኡን ሃገር ዘውሓሱን፡ ጀጋኑ፡ ኣሕዋትናን ኣሓትናን መዓልቲ ስውኣት ከነብዕል ኢና።

ብዛዕባ እዚ ቑሩብ ወስ ከብል።

ምእንቲ ነጻነት ሃገሮምን ክቡር ሕዝቦምን፡ ምእንቲ ሰላምን ርግኣትን፡ ቅሳነትን ፡ምእንቲ መሰልን ክብርን፡ ምእንቲ ፍትሒ፡ ኣንጻር ባርነትን ድንቍርናን፡ ኪብሉ ክቡር ሕይወቶም ዝወፈዩ ኣሕዋትና ኣሓትና፡ ደቅናን፡ "ነታ ክሳብ መወዳእታ ዝተጋደሉላን ካብ ኣምላኽ እትርከብ ፍጽምቲ ሓርነትን ሰላምን ቅሳነትን ኪጭብጡ ንልምን" ንኾንቱ ኣይኮነን ዝሞቱ ዝብል ርድኢትን እምነትን ኣሎና። ኣብ ዕላማኦም ጸኒዖም ቅድሚ ሂወቶም ሂወት ህዝቦምን ሃገሮም ሰሪዖም፡ ሽዊት ዕድመ ኣወፊዮም።

- ፍትሓዊ ሕብረተሰብን ስርዓትን ብምሕናጽ ሞቶም ንኾንቱ ከምዘይኮነ ክንምስር

- ብመስዋዕቶም፡ ዝተወልደት ሃገር፡ ደሞም ንተኸሊ ናጽነትን ሰላምን፡ ንመደብ ፍትሕን ርትዕን ከምወሓዚ ማይ ኮይኑ ከስትዮን ከጥልሎ፡ ስውኣት ዚቐስንሉንሃገራዊ ጉቡእና ክንፍጽም። ማሕላና እነሓድሰሉ እዩ እዚ ዝኸሪ እዚ። ንሓደ ንሓደ ኣይንወንጀል፡ ህግደፍ ኣብዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ዘብጻሕናዮ ንሕና ባዕልና ኢና። ሕድሪ ስውኣት ጠሊማና። ሕድሪ ስንኩላን ጠሊምና፡ ምኽሪ ወለድና ነጺግና። ቆርበት ብርሑሱ ቆልዓ ብንኡሱ፡ ኢዩ። ስውኣትናስ ሓንሳብ ነቲ ዝኣመንሉ፡ ዕላማ እታ ኡንኮ ዝነበረቶም ዘውንንዋ ክብርቲ ሂወቶም ወፍዮም ሓሊፎም፡ ዓወት ንህግደፍ እናበሉ ዘይኮነስ ዓውት ንሓፋሽ እናበሉ። ንሕና እቶም ብሒወት ዘሎና ግን ብቕጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ዓወት ንህግደፍ እናበላና ኢና ንነብር ዘለና። ስውኣትና ኩሎም

ሓምላይ ምንቅስቓስ ኤርትራ
ንማሕበራዊ ዕርቅን፣ ፍትሕን፣ ንምዕቓብ ከባቢን
حركة الخضر الارترية
من أجل السلم الأهلي، العدالة والحفاظ على البيئة
Eritrean Green movement
For Social Reconciliation, Justice
and Ecological wisdom

አስላማይ ክስታናይ፡ ቆላ ከበሳ፡ ሃብታም ድኻ ከይበሉ፡ ከም ካብ ሓንቲ ማሕጸን ዝወጹ፡ ምእንቲ ናጽነትን፡ ፍትሕን ፡ ዓወት ንሓፋሽ ኢሎም ሚሒሎም፡ ሓሊፎም። ንሕና ብሒወት ዘለና ግን አስላማይ ክስታናይ፡ ወዲ ቆላ ወዲ ከበሳ፡ ሃብታም፡ ድኻ፡ በተኸ…ወዘተ እናበላና ብሂወት ስውአትን ብአካለ ስንኩላን፡ ንጣላዕ፡ አሎና። ንፍደዮ ከዓ አሎና።

ብባህልና ለበዋ ክቡርን ዘይገሃስን ኢዩ። ለበዋ ዘዕብር ከም ሓደ ጠላምን ንሕጊ ዘይሕሉን ገበነኛን ኢዩ ዝቑጸር።አብ ዓዲ ሕጊ ዝነብር፡ ሕጊ ዝጠሓሰ እቲ ዝጠሓሶ ሕጊ ባዕሉ ይቐጽዖ።

ሕጊ አምላኽ ዝጠሓሰ፡ ከዓ ሕነ እከለ ከይበለ አምላኽ ይቐጽዕ ኢዩ። እሞኸ ኤርትራውያን፡ ናይቶም ሂወቶም አካሎምን ዝወፈዩ፡ አሕዋትናን አሓትናን ፡ ለበዋ ብምፍራስና ሕጊ ብምጥሓስና፡ ደአ ከይንኸውን፡ ብደቕና፡ ብመራሕትና፡ ንቕጻዕ፡ ዘሎና።ጥምየት፡ ስደት፡ ግፍዒ፡ ማእሰርቲ፡ ዓመጽ፡ ጽልኢ፡ ወገን፡ ሃይማኖት፡ ….እዚስ ብርግጽ፡ መቕጻዕትና ኢዩ፡ ብደምን አካላትን ክቡር ሂወት ወድሰብ ስለዝተላገጽና፡ ሕድርን ለበዋን ስለዘፍረስና።

ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ዘሎ ይሃሉ ዘለዎ ውልቃዊ ይኹን ፖለቲካዊ አራእያ ብዘገድስ ምእንቲ ነጻነትን፡ ሉዑላውነትን፡ ሰላምን፡ ፍትሕን ህዝቦም ደሞም ናይ ዘፍሰሱ ሸዊት ሕይወቶም ዜወፈዩን አካሎም ዝሰንከሉን ከምበጊዕ ማሕረዲ ተሳሒቦም ዝተቀትሉን ዝተገርፉን ዝተኣስሩን አሕዋትናን አሓትናን ለበዋ አሎና።

ምእንቲ ፍትሒ ኢሎም ግን ፍትሒ ሲኢኖም፡ ዝተቐትሉን ዝቕተሉ ዘለዉን፡ ምእንቲ ፍትሒ ኢሎም ግን ፍትሒ ሲኢኖም ብዘሰቅቅ ግፍዒ ተአሲሮም ዘለዉ፡ ፍትሒ ካብቲ ንሰማይን ምድርን ዝፈጥረ ጥራሕ ከምዝርከብ አሚና ናብኡ ልመናና ነዕርግ።

ነዛ ብለበዋ ዝተቀበልናያ ናይ ስውአትናን ስንኩላናን ናይ ሓደራ ሃገር ብዝግባእ ለበዋኦም ንኽንፍጽምን ናይ ሰላምን ናይ ሰብአዊ ምዕብልና ምስክር ክንገብራን፡ አብ ለበዋ ስውአትና ንጽናዕ፡ አዕጽምቶም ከይወግኣና ደሞም ውሕጅ ኮይኑ ከይወስደና።

ክብርን መጎስን ንሱዉኣትና።

ኣምላኽ ኣብ ለበዋ ስውአትና ክንጸንዕ ይሓግዘና።

ንቓልስና ይሓግዘና፣ ንሃገርና ይባርኻ፣ ንኡሱራት፣ ጽንዓትን ጥዕናን የውርደሎም። ሰናይ ዘመን የምጻኣልና። ኣሜን።

በዚ ኣድራሻና ክትረኽቡና ነተሓሳስብ።

Greeneritreans@gmail.com